## ርእሲ ዓንቀጽ
# ዕዉር ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይስዕምሉ:
# ጸማም ድማ ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይጽውዑሉ።

ደቀባት.ኮም ሓንቲ ካብተን ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ሓያሎ መርበብ ሓበሬታት ኤርትራ ኮይና: ካብኣተን ግን ፍልይ ዝበለ ዓይነታዊ ሓለገት ዘለዋ መርበብ ሓበሬታ እያ። እቲ ካብ ካልኦት መርበብ ሓበሬታ ኤርትራውያን ዘፍልያ ከኣ: ኣብ <u>ቅኑዕ መንነትን ሃገራውነት</u> ስለ እትኣምንያ። ንሱ ከኣ ኤርትራ ማለት ምስተን 8 ኣውራጃታታ: ምስቲ መለለይኣ ዝኾነ ሕቡን ባህላን: ሃይማኖታን እምነ ኵርናዕ ምዃኑ ስለእትኣምንያ። ከምኡ'ውን ድራር ከይሓዝካ ዕላል ከምዝብሃል: ዘየዋላውል ፍታሕ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ብህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ: ቀንዲ እምነታ እዩ። እንሆ እምብኣር ኣንጻር ምልኪ ብትብዓት ክትምክት ካብትጅምር ሎሚ መዓልቲ ዕለት 22.12. 2007 ዓ.ም 7 ዓመታ ተብዕል ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ: ንህዝቢ ኤርትራን: ንኹሎም ግዱሳት ተኻታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባትን: ርሑስ ብዓል ልደትን: ሰላምን ራህዋን ቅሳነትን ዘምጽእ ዓመት 2008 ንክኾነሎም ንምነየሎም።

ርግጽዩ: እቲ ሕመሪታዊ መሰረት ሃገር ስድራ-ቤት እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ስድራ-ቤታት ዓዲ የቑማ: ዓድታት ወረዳ የቑማ። ወረዳታት'ውን ኣውራጃ የቑማ። ኣውራጃታት ድማ ሃገር የቑማ። እዚ ከኣ ዘየዋላውል ኣምነት ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ንኸሽውን: ተስፋን ትምኒትን መርበብ ሓበሬታ ደቀባት'ዩ። መኽንያቱ ክኣ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ካብ ዝበቍል ጀሚሩ: ክሳብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል መሰረቱ ስድራቤት ስለዝኾነ'ዩ። እዚ ከኣ ባህርያዊን ተፈጥራዊን መስርሕ ሓደ ሕብረተ-ሰብ'ዩ። ኵሉ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ኣብ ስድራቤት ዝተመስረተ ስለዝኾነ ድማ: ማንም ሰብ ስድራ-ቤቱ ከይፈተወ ዓዱ ክፈቱ ኣይክእልን'ዩ። ዓዱ ከይፈተወ ድማ: ወረዳኡ ኣይፈቱን'ዩ። ወረዳኡ ከይፈተወ'ውን ኣውራጃኡ ስለዘይፈቱ: ኣውራጃኡ ከይፈተወ ድማ ሃገሩ ክፈቱ ኣይክእልን'ዩ። እዚ ከኣ ፍቱንን ርዱእን ሓቂ እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ እዚ ቀንዲ ራእዩ መርበብ ሓበሬት ደቀባት እዩ። እዚ ፍቱንን ርዱእን ሓቂ'ዚ: ሎሚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ: ብኸመይ ይቕጽል ኣሎ? ስድራቤታት ቀጺለን ዓድታት ከምዝቕጽላዶ ይገብራ ኣሎዋ? ዓድታትከ ወረዳታት ብግቡእ ከምዝቕጽላዶ ኣጃመን የበርክታ ኣሎዋ? ኣውራጃታትከ ከምቲ: ካብ ጥንቲ ዝጸንሔን መሰልን ግቡእን: ከምቀደመን ብፌደራላዊ ማዕርነት: ሃገር መስሪተንዶ ይቕጽላ ኣለዋ? ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣውራጃታት ኤርትራ: ዝኾነ ክሱስ ኤርትራዊ ንዝቐረበሉ ክሲ: መከላኸሊ መርትዖ ከቕርብ መሰልን ዕድልን ይውሃቦዶ ኣሎ? ናይ ሕጊ ኣማኻሪ (ጠበቓ) ክረክብከ መሰል ኣለዎዶ? ምስ ተኣስረኸ ብስድራኡ ብፈተውቱን ኣዝማዱን ኣዕርኹቱን ክብጻሕን: መልእኽቲ ክለዋወጥን መሰል ኣሎዎዶ? ቤት ፍርዲ ዘተኣማምን ዘዕግብን መርትዖ ምስ ረኸበን ኣከበን ድዩ ነቲ ጡርጡር “ገበነኛ“ ኢሉ ዝፈርዶ ዘሎ? ዓቃበ ሕጊ ኣብ ኤርትራ ኣሎዶ?

ዝኾነ ኮይኑ ሎሚ “ዕዉር ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይስዕምሉ: ጸማም ድማ ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይጽውዑሉ“ ዝብል ሓደ ኣገዳሲ ኣርእስቲ ብምልዓል: ንተኻታተልትና ብኸም'ዚ ዝስዕብ ኣስተምህሮ ከነቕርብ ኢናሞ: ንቐደም በሉ።

<u>ህዝቢ</u>: ህዝቢ ኤርትራ ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል: ብትብዓት መዘና ዘይብሉ ጸረ ባዕድን መግዛእትን ኣሰላሲሉ ከብቅዕ: ሎሚ ግን ጒዳዩ ኣብ ኢድ ጸላእቱ ወዲቑ ይርኤ'ሎ። “ዕዉርስ ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይስዕምሉ: ጸማም ድማ ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይጽውዑሉ“ ከምዝብሃል: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ: ካብቲ ኣርዑት ህግዲፍ ከናግፎ ዝኽእል: ንሱ ባዕሉ ጥራይ ምዃኑ ዘንጊዑ ዘሎዩ ዝመስል። ኤረ ዳርጋ ትጽቢቱ ካብ ነብሱ ዘይኮነስ: ካብቶም ብስሙ ዝሸቅጡ ተኺሉ ኮይኑ'ዩ ዝርኤ ዘሎ ዝመስል። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ጒዳይ እንተድኣ ሃይልዩ'ውን: ካብ ርብዒ ምልዮን ንላዕሊ: ሰራዊት ዘለዋ ሃገር: ነዚ ብመሪር ጭቆና ዘሳቕዮ ዘሎ ጭፍራ ህግደፍ ተቓዊሙ: ሓንቲ ጸጸር እኳ ትኹን ክድርቢ ብዘይ ምብቅዑ'ዩ። ብነብሱ ተኣማሚኑን ጸላኢኡ ኣለልዩን: ብትብዓት ንጸላኢኡ መኪቱ: ሓራ ክወጽእ ዝቃለስ ህዝቢ: ካብ ባርነት ነጻነት ዝመረጸ ህዝቢ'ዩ። እቲ ዝጭቍኖ ዘሎ መንግስቲ: ባዕሉ ጥራይ ካብ ስልጣኑ ክወርደሉ ዝደሊ ህዝቢ ግን: ካብ ነጻነት ባርነት ዝመረጸ ህዝቢ'ይ ክብሃል ይከኣል። ኣብ ክንዲ ብነብሱ ተኣማሚኑ ለውጢ ዘምጽእ: ካብ ግዳማዊ ሓይሊ ረድኤት ጥራይ ዝጽበ ህዝቢ'ውን: ባርያ ባዕዳውያን ንምዃን መሪጹ'ሎ ማለት'ዩ። ካብ ሓርነት ባርነት ካብ ምምራጽ ድማ: ሞት ይሓይሽ። ስለዚ ካብ ኩሉ ግዜ ከይቀሰንካ ምንባር:

ወይ ኩሉ ግዜ ቀሲንካ ምናብርዩ: ወይከኣ ቀሲንካ ሙማት ይሓይሽ። ስለዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ዝሕሾ ባዕሉ ክሓሪ ኣለዎ።

**ተቓወምቲ:** ዓይኖም ንኤርትራ: ርእሶም ንዋሺንግቶን: ቀልቦም ንኣዲስ ኣበባ: ፍርቂ ጕንኦም ከኣ ንካርቱም: እናገበሩ ንጎረባብትና መለመኒ ስንቂ ጥራይ ክጥቀሙለን ጸኒሖም። ህዝባዊ ረብሓ ዝውክል ንጹር ራእዩ ሒዞም: ክምክቱ ግን ክሳብ ሕጂ ኣይበቕዑን። ብሰንኪ ሕመቕም ድማ ህግደፍ ሽዲኑ: ዲፕሎማስያዊ ብጽሒት ተቓወምትን ህዝብን ከይተረፈ'ውን: ኣብ ውሽጢ ሃገር ከይኣኸሎ: ኣብ ወጻኢ'ውን መንዚዑ ክወራዘ ይርከብ ኣሎ። ተቓወምቲ ከኣ ንጹር ስትራተጂን ራእዩን ሒዞም: ብውህደት መኪቶም ኣይፋልካን ክብሉዎ ስለዘይከኣሉ: እንሆ ክሳብ ሕጂ ነታ እንተደለ ዝኣስረላ: ቃሕ ኣንተበሎ ዝቕንጽለላ: ፊን ኣንተበሎ ድማ ዤናት ዝውልዓላ: ረታዒ ተረታዒ ኮይኑ ዝፍረደላ: ተረታዒ ከኣ ረታዒ ኮይኑ ዝብየነላ ሃገር ኤርትራ: በታ ዘይሕጋዊት በትሪ ስልጣኑ ገይሩ ብዘይንሕስያ ብጭቆና ይገዝኣ ኣሎ።

**ጕዳይ ዶብ:** መንግስቲ ህግዲፍ ይኹን መንግስቲ ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ.: ዶብ ክሕንጸጽ ኣይደልዩን'ዮም። መንግስቲ ኣሜሪካን: መንግስታት ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ'ውን እንተኾኑ'ውን: እዚ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ዝበልዐ ጕዳይ ዶብ ተፈቲሑ: ንሓዋሩ መዕለቢ ክረክብ ፈጺሞም ኣይደልዩዎን'ዮም። መኽንያቱ ድማ: ዶብ እንተድኣ ተሓንጺጹ: ብሓፈሽኡ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራን: ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ተሳንየን ክነብራ ስለዝኽእላ። ድሕሪኡ ድማ እቲ ህዝቢ ዝጸንሐ ግርጭቱ ኣጥፊኡ: ኣብ ምዕባሌን ኣብ ተክኖሎጂን ከድህብ ባህርያዊ ስለዝኾነ። ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ: ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ መዓስከር ሳዋ ተፈንዮም: ኣብ ዓዓዶም ክምለሱ'ዮም። ምስተ መልሱ ድማ: "እምብኣር ግቡእና ፈጺምና ኢናሞ: ሕጂ ከኣ መስለና ንጠልብ ኣሎና" ኢሎም ክሓቱ ባህርያዊ ክኸውን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ'ውን: "ብጕዳይ ዶብ ክንጥበር ጥራይ መዋእል ሓሊፉ: ሕጂ ግን ጕዳይ ዶብ መዕለቢ ረኺቡ: እምብኣር ጕዳይ ዶብ ካብ ተወድኤ: ጕዳይ ሕግን ፍትሕን መሰልን: ምዕብልናን ቅሳነትን ንግበር" ኢሉ ክልዓል'ዩ። ስለ'ዚ ስልጣን ህግዲፍ ከብቅዕ'ዩ መለት'ዩ። እዚ ከኣ ንኢሰያስን ንኾራኹሩን ዓቢ ሕንከትን ስዕረትን ክኸውን'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ንመንግስቲ ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ. ክጸልዎ'ዩ። ጕዳይ ኤርትራ እንተድኣ ብግቡኣ ተደምዲሙ ድማ: ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዮ ገዛኡ ጥራይ ከድህብ'ዩ። እዚ ድማ ንመንግስቲ ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ. ከቢድ ፈተና ከስዕበሉ'ዩ። ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን: ውግእን ጥሜትን መከራን ኣንተወረደ: ኣጽዋር ውግእ ዝሰርሓ ኢንዱስትሪ ሃገራት መኽሰብ ኣሎወን። ብተዘዋዋሪ ከኣ መንግስቲ ኣሜሪካን: መንግስታት ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳን: ረብሓ ኣለወን ማለት'ዩ። ብወገን ኢሰያስ ንጕዳይ ዶብ: ከም ዓቢ ፖለቲካዊ ዕማሙ ወሲዱ: ቀንዲ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ "ወያኔ" ጥራይ ከምዝኾኑ እናሻቀጠ: ንዝንባሌ ህዝቢ ኤርትራ ክምዝምዞ ይርኤ ኣሎ። ስለዝኾነ ከኣ እንሆ ኣስታት 7 ዓመታት ኮይኑ: ቀንዲ ፖለቲካ ኢሰያስ "ጕዳይን ዶብን ወያኔን" ጥራይ ካብ ዝኸውን። ስለዚ ብኻልእ ኣዘራርባ: ጕዳይ ዶብ: ሓደ ካብቶም ቀንዲ መናዊሒ ስልጣን ኢሰያስ: ኮይኑ ከምዘሎ ህዝቢ ክግንዘቦ ክጅምር ኣለዎ። ምእንትዚ እምብኣር: ነዚ ዝተመሳቐለ ጕዳይ ዶብ'ዚ: ህዝቢ ኤርትራ ብንቕሓት ከቕልበሉ እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ነዚ ኣስተውዒሉ ከኣ: ጸላእቱ ብዓል መን ምዃኖም ክፈልጥን: ፈሊጡ ድማ ብትብዓት ክቃወም: መድረኹ ስለዝኣኸለ ሕጂ ክብገስ ኣሎዎ።

**ጕዳይ: ወደባት ባጽዕን ዓሰብን:** ኣብ ኤውሮጳ: ኣውስቲርያን ስዊዘርላንድን ኣፍደገ ባሕሪ የብለንን። ኣፍደገ ባሕሪ ስለዘይብለን ግን: ካብቲ ዕለታዊ ናብርኤን ተኸልኪለን ኣይፈልጣን። የግዳስ ካብተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘለወን ሃገራት: ዘይሓምቕ ቍጠባዊ ትሕዝቶ ኣሎወን። ብዛዕባ ጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን እንተድኣ ኣልዒልና ክንዛረብ ኮንና ግን: ፍልይ ዝበለ ጕዳይ እዩ። ኤርትራ ጥራይ ኣፍደገ ባሕሪ ወኒና ክትነብር: ኢትዮጵያ ድማ ብዘይ ኣፍደገ ባሕሪ ተዓጊታ ክትንብር ኣለዋ" ኢሉ: ህዝቢ ኤርትራ ኣድሚጺ ኣይፈልጥን። ከምኡ ኢሉ ድምጺ ንኸድምጽ'ን ንኸየድምጽን'ውን ዕድል ረኺቡ ኣይፈልጥን። እዚ "ኣፍደገ ባሕሪ" ዝብል ዝበለየ ፖለቲካ'ዚ: ብ1947 ዓ.ም. እቲ መበል 22 ፕረሲደን ሕቡራት ኣሜሪካ ዝነበረ: ፍራንክሊን ደላኖ ሩዝቨልትን: ንጉስ ሃይለስላሴን ብመደብ ዝኣሰሩዎን: ክሳብ ሎሚ ከኣ ከይተፈትሐ ሸንኮለል ዝብል ዘሎን ግድል'ዩ። ስለ'ዚ ከም'ዚ ክፍጸም ከሎ ግን: ነቲ መስኪን ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተደንጊጹሉን: ንክልቲኡ ህዝብታት ዝጥዕም መሰረታዊ ፍታሕ ተባሂሉን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ: ንረብሓቶም ባዕዳውያን መንግስታት: ተባሂሉ ብመደብ ዝተወጠነ ውዲት'ዩ። እዚ ውዲት'ዚ እምብኣር: Problem Reaction Solution ብዝብል ፎርሙላ ዝተሰነየ ኮይኑ: ክሳብ ሕጂ ብዘይ ፍታሕ ኮለል ክብል ይርኤ ኣሎ። ንመረዳእታ: ሓደ ህዝቢ ሓደ

*ግድል ወይ ሽግር ክፍትሓሉ ኣንዳ-ተጸበየ ከሎ፡ እቲ ቀንዲ ግድል ከይተፈትሐ፡ ኮነ ኢልካ ካልእ ግድል ምሂዝካ፡ ግብረ-መልሲ ከኣ ትፈጥረሉ ማለትዩ። እዚ ከኣ ነቲ ዝቐደመን ኣገዳስን ግድል፡ ንምርስሳዕ ኢልካ ዝምሃዝ ረቀቕ ውዲት'ዩ። ኣዚ ሜላ'ዚ ከኣ፡ ሓደ ህዝቢ ሽግሩ ባዕሉ ንኸይፈትሕ፡ ኮነ ኢልካ ንረብሓኻ ክትብል፡ እናዓንቀፍካዮ ክሳብ ዝጸንት ኣደስኪልካዮ ምጽናሕ ማለት'ዩ። ኣብ መጨረስታኡ ከኣ ነቶም ዘይብጽሖምን ዘይጸዓርሉን፡ ባዕዳውያን ረብሓ ከምዝውዕል ምግባር'ዩ። ስለዚ ነዚ ዝተመሳቐለ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን፡ ብንቕሓት ከቕልበሉ እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። እምብኣር ህዝቢ ኢትዮጵያ ነዚ ኣስተውዒሉ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ኣሚሪካ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝቐርቦ ኣጸቢቑ ክርዳእ ኣለዎ። ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ካብ ኣሚሪካ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከምዝቐርቦ ብንቕሓት ክፈልጥ ኣለዎ። እዞም ክልተ ህዝብታት እዚኦም እምብኣር፡ ነዚ ምስ ፈልጡ፡ ጸላእቶም ብዓል መን ምዃኖም ከለሊዩ ይኽእሉ። ካብኡ ነቶም ንጉዳይ ኤርትራን እትዮጵያን ዘይብጽሖም ክንሱ፡ ዋናታት ኮይኖም ንረብሕኦም ክብሉ፡ ንህዝቢ ብተስፋ ጥራይ ኮለል ዘብሉዎ ዘለው፡ ጸላእቱ ምዃኖም ይፈልጥ። ንጥቕሙ ከኣ ብሓባር ክቃለሶም ይኽእል። ግደ ሓቂ ክንዛረብ ኣንተድኣ ኰንና፡ ነዚ ኣፍደገ ባሕሪ'ዚ፡ ማለት ንቀይሕ ባሕሪ ንጣብ ደም ከየፍሰሳሉ፡ ብነጻ ዝጥምሉሉ ዘለው፡ ንሳቶም እቶም ዓበይቲ መንግስታት'ዮም። ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ እትዮጵያ ግን፡ ገና ብግቡእ ኣይረብሓሉን። ከምቲ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዘሎ ምስላ፡ “ላም አለችኝ በሰማይ ወተትዋ እማላይ“ ብትግሪኛ፡ ከኣ“ ላም ኣብ ሰማይ ኣላትኒ፡ ጸብኣ ግን ርእየዮ ኣይፈልጥን“ ከምዝብሃል። ጉዳይ <u>ኣፍደገ ባሕሪ</u> ብግቡእ ኣፈታትሓ ግርጭት ኣንተድኣ ተፈቲሑ፡ ንኢትዮጵያ ይኹን ንኤርትራ ሽግር ከምጽእ ፈጺሙ ኣይክእልን'ዩ። ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ይኹን ጉዳይ ሓባራዊ ሽግር፡ ኣብ ክንዲ ክልተ ህዝብታት ብልዝብን ብዘተን፡ ኣብ ሓደ ጣኣውላ ኮፍ ኢሎም ክፈትሑዎ ዝፍትኑ'ሞ፡ ንሓዋሩ ድማ ቅሳነት ክልቲኡ ህዝብታት ዝርከብ፡ ብኣንጻሩ ግን እቲ ረብሓ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝረብሕሉ፡ ኣሜሪካውያን ኢስራኤላውያንን ኤውሮጳውያንን ይጥቀምሉ ኣለው። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ከኣ፡ ብወገን ገለ-ገለ መሳርሒ ባዕዲ ዝኾኑ ሰበስልጣናት ኢትዮጵያ፡ “ብሕጊ ወይ ብሓይልና ንዓሰብ ክንወስዳ መሰልና እዩ“ እንዳበሉ ክዝምሩ ክትሰምዕ ከሎኻ'ዩ። ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን እትዮጵያን፡ “ዕዉር ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይስዕምሉ፡ ጸማም ድማ ብኾፉ ከሎ ሰበይቱ ይጽውዑሉ“ መታን ከይከውን፡ ጸላእቶም ፈሊጦም ዋናታት ጉዳዮም ኮይኖም፡ ካብ ግዳማዊ ሓይሊ ክድሕኑ ክልዓሉ መድረኹ ይጠልቦም ኣሎሞ፡ ንክልዓሉ ኣምላኽ ይሓግዞም።*

*መርበብ ሓበርሬታ ደቀባት* 22.12.2007 *ዓ.ም*

*ይ ቕ ጽ ል* ….